ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስ ወረዳ አስገለ ፅምብላ ካብ በጀት ዓመት 2009 ዓም ንኣብያተ ፅሕፈት ግልጋሎት ዝዉዕሉ ዝተፈላለዩ መሳርሒ ፅሕፈት: አቁሑት መለዋወጢ ሞተር ሳይክል: አቁሑት ኤለክትሮኒክስ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ሕዳር 27, 2009 (ልዕሊ 10 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 4, 2009 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000
- ቦታ:ኣስገለ ፅምብላ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 4, 2009 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

ስለዚ ነዞም ዝስዕቡ ረቂሕታት ተማልኡ ተጫረቲ ቀሪብኩም ንክትወዳደሩ ይዕድም

- ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎ ግብሪ መንግስቲ ከፊሉ ናይዚ 2009 ዓም ፍቃድ ንግዲ ዘሐደሰ
- መረዳእታ መለለዩ ቁፅሪ ከፈልቲ ግብሪ ዘለዎ
- ናብ ዝርዝር መቅረባየነት ዝተመዝገበን ዘሐደሰን
- Â ኣብ ተወሳኪ እሴት ታክስ ተመዝጋባይ ኮይኑ ናይ ወርሒ ጥቅምቲ 2009 ዓ• ም ተወሳኪ እሴት ታክስ ሪፖርት ከቕርቡ አለዎም
- ኩሉ ዝተሓተተ መረዳእታ ዋናን ቅዱሑን ከቕርብ ዝክእል
- ዝተማልአ ሰነድ ጨረታ ፖስታ ዋና ሓደ ፖሰታ ቅዳሕ በበይኑ ብሓደ ዓብዩ ፖስታ ተዓሺጎም ክቀርቡ አለዎም
- ተጫራታይ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ መክበሪ ጨረታ ወይንም ቢድቦንድ ብሲፒኦ ንሕድሕድ 3,000 ቅርሺ ከትሕዝ ዝክእል
- ተጫራቲ እዚ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝተጋወሐሉ ዕለት ጀሚሩ ዘይምለስ 50 ቅርሺ ብምክፋል ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ኣስገደ ፅምብላ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ብምዉሳድ ዝርዝር ዋግኡ መሊኡ ኣብቲ ከይዲ ስራሕ ዝተዳለወ ሳነዱቅ ጨረታ ኣታዊ ክገብር ዝክእል
- እቲ ጨረታ ክፍቲ ኮይኑ ዝፀንሐሉ ካብ 19 ሕዳር 2009 ክሳብ 4 ታሕሳስ 2009 ዓ •ም ሰዓት 4 ፡00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ዘሎ መዓልትታት ኮይኑ Â ሳንዱቅ ጨረታ ዝዕፀወሉ 4 ታሕሳስ 2009 ዓ •ም ሰዓት 4፡ 00 ቅድሚ ቀትሪ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ልክዕ ሰዓት 4 ፡30 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረቲ ወይንድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ኣብቲ ቤት ፅሕፈት ብግልፂ ይክፈት
- እቲ ጨረታ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዘ ንተከታተልቲ 50 መዓልትታት ኮይኑ መቅረባይ ዉዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዝተዉሃቦ መዓልቲ ፅሬት ዘለዎ ንብረት ናብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ኣስገለ ፅምብላ ከተማ እነዳባጉና ባዕሉ ኣጋዒዙ ኣታዊ ክገብር ዝክእል
- እቲ ቤት ፅሕፈት ኣብቲ ዝቀረበ ንብረት 20% ናይ ምዉሳክን ናይ ምንካይን መሰል አለዎ
- እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0346610255 ደዊልኩም ምሕታት ትክእሉ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle